# ኃይትኦም እየ

ሰሙን ድሕሪ ብርሃነ ምእሳሩ፡ ሰብ ኣብ ታሕቲ ይደልየኪ ኣሎ ተባሂለ፡ ነቲ ጋሻ ካብ ላዕሊ ብመስኮት ተቐልቂለ ክርእዮ ፈቲነ። እንታይ ድኣሉ? ሓንቲ ብፈረስ ዝተሳሕበት ካሮሳን ዘዋሪኣ ድማ ሓደ ጭሕሚ ዘለዎ ሰብ ድማ ርኤኹ።



www.alamy.com - CXKG7T

ታሕቲ ወሪደ፡ ሰላም! በልኩዎ ። ብትሑት ድምጹን ዝሓፈረ እንዳመሰለን " ኣየለለኽንን ማየስትራ " በለኒ። እታ "ማየስትራ" ትብል ቓል ብቛንቛ ጥልያን፡ መምህር ማለት'ያ። ኣይትሓዘለይ ኣየለለኹኻን፡ በልኩዎ። ንሱ ድማ፡ ኣነ ኃይትኦም'የ ኣብ ስኳላ ታልየቲ መምህረይ ኔርኪ፡ በለኒ። ምስ ኣለለኹዎ ሰምበድኩ፡ ኃይትኦም ሰብኣይ ኣኺልካ! በልኩዎ። ፍሽኽ ኢሉ፡ ካብ ኣብ ጥቕኡ ዝነበረት ባኮ፡ ሰለስተ ቑራጽ ሳሙና-ኣድጊ ኣውጺኡ፡ እዚኤን ንዓኺን ንደቕኺን ኣምጺኤልኩም፡ በለኒ።

ንብዓተይ ኣብ ገጸይ ጸረር እንዳበለ፡ እተን ሳሙና ተቐቢለ፡ የቐንየለይ ኢለዮ። ሕንቕንቕ ኢለ ካልእ ክብል ኣይከኣልኩን። ኃይትኦም፡ ንብዓተይ ምስ ርኣየ፡ ቀልጢፉ ነተን ሳሙና ካብ ኢደይ ወሲዱ፡ "ኣይትሓዝለይ ማየስትራ፡ ናይ ሰብኣይኪ ምእሳር ምስ ሰማዕኩ እተን ዘለዋኒ ኣምጺኤልኪ" በለኒ። ዳርጋ ነተን ሳሙና ካብ ኢዱ መንጢለ፡ "ኃይትኦም ሓወይ! ንብዓተይ ንብዓት ምስጋና እዩ" በልኩዎ ። ብርሃነ ካብ ዝወስድዎ፡ ንዓይን ንደቀይን ካብ ኢድናን ኣፍናን ዝምንጥሉና ገበላት ናይ ዓለም በዚሖም፡ በዚ ድማ ኣነ የመስግነካ፡ ብርሃነ ምስ መጸ ድማ ክነግሮ እየ፡ ድሕሪ ምባል፡ "ኣበይ ክንረኽበካ ንኽእል?" ኢለ ሓተትኩዎ። ኃይትኦም ግን፡ ነታ ጭሕሙ ደጋጊሙ እንዳተንከፈ፡ ብድሓን የራኽበና! ንጅግና ከም ብርሃነ ክረኽቦ ምደለኹ። እስኪ የርህወልና ማየስትራ! ኣነ ኣብ ቀረብ ግዜ እገይሽ ኣለኹ፡ ካብ መገሻይ ምስተመለስኩ ባዕለይ ክመጸኩምየ፡ ኢሉ፡ ነታ ብፈረስ ዝተሳሕበት ካሮሳ እንዳኣበገሰ፡ ፍሽኽ በለ። ክሳብ እታ ካሮሳ ካብ ካንቸሎና እትወጽእ፡ ነተን ዝሃበኒ ሳሙና ኣብ ኣፍልበይ ሓቑፈ፡ ብዓይነይ ተኸታተልኩዎ።





ካብተን ዝሃብካኒ ሳሙና ኣድጊ፡ ኣብ ገዛይ ኣብ ኣሜሪካ ሒዘየን ኣለኹ። ኃይትኦም ተመሃራይ ናይ ክላሰይ ዝነበርካ፡ እንተድኣ ብሂወትካ ሃሊኻ፡ በዛ ጽሕፍቲ ኣቢለ ምስጋናይን ምስጋና ብርሃነን ምስጋና ደቕናን የቕርበልካ ኣለኹ። ከምኡውን መስዋእቲ እቲ ጅግና ብዓል-ቤቴይ ብርሃነ እንዳነገርኩኻ፡ እተን ዝሃብካኒ ሳሙናታት ድማ ኣብ ምሉእ ዓለም ምሳይ ኮለል ከምዝበላ ይነግረካ። ካብተን ዝኸበራ ንብረተይ ምኺነን ድማ ይሕብረካ።

**ሓፍትኻ ኪኪ ጸጋይ**

**25/03/2016**

[ካልኦት ጽሑፋት ብ'ኪኪ ጸጋይ]

Copyright © 2013 - 2016 www.snitna.com